## ምስ ኣመሪካ ርኽክባት የብልናን
## ምቕይር ናይ ስርዓት ኤርትራ ብቐዳምነት ንኤርትራውያን ዝምልከት ምዃኑ
## ምክትል ኣቦ መንበር ተሓኤ ኣረጋጊጹ።

ካርቱም፣ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራዊ ማእከል (ECMS) - 21/09/2004

ምኽትል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ንሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ከም መትኒ ደም ሃገር ከምዝቖጽሮን፤ ንምምዕባሉን ንምሕያሉን ክሰርሑ ምዃኖምን ድማ ኣረጋጊጹ። ከምኡ ውን፣ ኣቶ ሑሰን ኸሊፋ፣ ኣብ መንጎ ተሓኤን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ብሓደ ሸነኽ፣ ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ከኣ ብኻልእ ሸነኽ፣ ኣብ ለንደን እተኻየደ ርክብ፣ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ፍራንክፈርት እተገብረ ርክብ ምዃኑን፤ ድሕሪ ውድቀት እቲ ስርዓት፣ ንሓይልታት ተቓውሞ፣ ብቑዕ መተካእታ ንምዃን ዝሕግዝ ምቹእ ባይታ ንምምድማድን ኢዩ ኢሉ።

ኣቶ ሑሰን ኸሊፋ፣ ምስ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራዊ ማእከል ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሓትት (ኣብ ቀረባ እዋን ክዝርጋሕ ኢዩ) "ተሓኤ፣ ልዕሊ ኵሉ ካልእ ውድባት ዝበዝሐ ስሩዕን ህጹጽን ጉባኤታት ዘካየደ ውድብ ኢዩ። ከምኡ ውን፣ ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜ ከይሓለፈ፣ 7ይ ጉባኤኦም ንምክያድ ኣብ ምድላው ከምዘለዉን፤ ጉባኤታት ድማ ናይ ለውጥን ምሕዳስን ቦታታት ኢዮም" ብምባል፣ ነቲ ኣብ ውድብኩም ዝካየድ ተሃድሶ የለን ዝብል ነቐፌታታት መሊስሉ።

ብዛዕባ ብእተፈላለዩ ውድባት ዝቖሙ ዘለዉ ምሕዝነታት ብዝምልከት ከኣ፣ ንሓድነት ናይ ውድባት ብመትከል ከምዝድግፉ፥ እንተኾነ ግን፣ ምስ መሪሕነት ናይቲ ኣብ ካስል ኣብ ስምምዕ ዝበጽሐ ሓሙሽተ ውድባት ስለዘይተራኸቡ፣ እቲ ስምምዕ ኣብ ምንታይ ዝተመርኮሰ ምዃኑ ከምዘይፈልጡ ገሊጹ።

ከምኡ ውን፣ ኣቶ ሑሰን፣ ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ዘካየድዎ ርክብ ከምዘየለ ሓቢሩ። ቀጺሉ፣ ኣመሪካ ይኹን ሃገራት ምዕራብ፣ ለውጢ ናይ ስርዓት ኤርትራ ከምዝደልዩ፤ እንተኾነ ግን፣ እዚ ዕማም ናይ ኤርትራውያን ሓይልታት ኢዩ ክብል ድማ ኣነጺሩ።

ኣቶ ሑሰን፣ ሶማልን ኤርትራን እተፈለለየ ሕብረተ-ሰብእዊ ክውንነት ስለዘለዎምን፤ ከምኡ ውን፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዘሎ ሓያል ዝምድናታትን፤ ተመኵሮ ሶማል ኣብ ኤርትራ ክድገም ከምዘይከኣል ኣብሪሁ። ንጥዕና ኣቦ መንበር ተሓኤ ኣቶ ዓብደላ ኢድሪስ ብዝምልከት ንዝቐረበሉ ሕቶ፣ ጽቡቕ ኣሎ፣ ጥዕናኡ እናተማልአ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ ክብል መሊሱ።

አገልግሎት ዜና ኤርትራዊ ማእከል

*ውሽጣዊ ዝምድናታት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ወሳኒ ዝኾነ ምዕባለታት ከርኢ ድዩ?*

**ካርቱም፡ ካርቱም፡ አገልግሎት ዜና ኤርትራዊ ማእከል (ECMS) - 25/09/2004**

*ትንተና፡ ካብ ናይ ፖለቲካዊ ዓምዲ ጽሓፊ*

*ብመሰረት ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ላዕለዋይ መሪሕነት፡ ጠቕላላ ሰክረታርያ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ ቅድሚ ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት (ሓጋጊ ኣካል) እተካይዶ ናይ መወዳእታ ኣኼባኣ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ጥቕምቲ ንምድላዉ ትሸባሸብ ኣላ። ነዚ ኣገዳሲ ኣኼባዚ ብዝምልከት፡ ኣብ ክልቲኡ ርእሰ-ከተማታት ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝርከቡ ውድባት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ሰፊሕ ምውኽኻስ ይገብሩ ኣለዉ።*

*እዚ ኣኼባዚ፡ ብዙሓት ተዓዘብቲ ከምዝብልዎ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ብሰንኪ ቍጣባዊ ውድቀት፡ ኣብ ኣፍ ሞት ኣብ ዝርከበሉ ዘሎ እዋን ይካየድ ምህላዉ ኣገዳስነቱ ዕ ዙዝ ኢዩ። መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎ ናይ ወጻኢ ባጤራ ንክልተ ሳምንታት ጥራሕ ከካይድ ዝኽእል ምዃኑ ናጻ ዝኾኑ ምንጪታት ይሕብሩ። እዚ ከኣ፡ ናይ ቍጠባ ትሕተ-ቅርጻ ይዓኑ ከምዘሎ ዝሕብር ሓደገኛ ምልክት ኢዩ። ከምኡ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን የመንን ምህዳም ልሙድ ተርእዮ ኰይኑ ኣሎ። ኣብ ርእሲዚ፡ ኵሉ ስልጣን ኣብ ኢድ ፕረሲደንት ኢሳያስ ጥራሕ ምዃኑን፥ ነቲ ስርዓት ብዞናውን ኣህጕራውን ደረጃ ዘጋጥሞ ዘሎ ከበባን ተነጽሎን፡ ካብ ጻውዒት ሓሊፉ ናብ ካልእ ዘይተወሰነ ስጕምታት ይሰጋገር ኣሎ።*

*ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ኣብ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራን ወጻኢ ካብኡን ዝርከቡ ውድባት ሓድሽ ምሕዝነታት ክምስረቱ ተራእዮም። ተሓኤ ሃጉ ኣብ ካስል ኣብ ዘዳለዎ ዓመታዊ ፌስቲቫል፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኵናማ ኤርትራን ተሓኤ ሃጉን ዝርከብዎም ሓሙሽተ ውድባት ምሕዝነት ከም ዝመስረቱ ኣዊጆም። እዚ ብሓሙሽተ ውድባት ዝቖመ ምሕዝነትዚ፡ ምጽንባራዊ ሓድነት ዘካይደሉ መደብ ዕዮ ይኹን ምጽንባር ዝካየደሉ ግዜ ኣይነጸረን። ኣብ ካርቱም ግን፡ መራሕቶም፡ ክጸናበሩ ወዲኦም ከምዘለዉ ኢዮም ክገልጹ ተሰሚዖም።*

*ከምኡ ውን፡ መራሕቲ እዘን ሓሙሽተ ውድባት፡ ምስ ብርክት ዝበላ ተቓወምቲ ውድባት ብምርኻብ፡ ከተኣማምንዎምን፤ ንገለ ውን ናብቲ ሓድሽ ምሕዝነት ንኽኣትዉ ከዕግብዎምን ፈቲኖም። እዚ ሓድሽ ምሕዝነትዚ፡ መተካእታ ናይ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ከምዘይኮነ ውን ኣረጋጊጾም። ኣቶ ኣድሓኖም ገብረማርያም፡ ኣቦ መንበር ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ንሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ "ሃገራዊ መትኒ ንናይ ምቅዋም ዕዮ ኢዩ" ክብል ገሊጽዎ።*

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ድሕሪ ምምስራት 4+1፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተሓኤን ዝርከብዎም ሰለስተ ውድባት፡ ኣብቲ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝዳሎ ዓመታዊ ፈስቲቫል ፍራንክፈርት ናይ ምርድዳእ ስምምዕ ከምዝገበሩ ዝገልጽ ኣዋጅ ኣውጺኦም። ብመሰረት ገለጻ ኣቶ ሑሰን ኽሊፋ፡ ቀዳማይ ምኽትል ኣቦ መንበር ተሓኤ፡ እዚ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት እተበጽሐ ናይ ምርድዳእ ስምምዕ፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ፡ ንተቓወምቲ ሓይልታት መተካእታ ንምኳን ዘብቅዕ ባይታ ዝምድምድ ኢዩ ክብል ኣረጋጊጹ። ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ውን ናብዚ ምሕዝነትዚ ተጸንቢሩ ኣሎ። ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ጥቕምቲ ኣብ ካርቱም ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ዝተሓወስኦ ኣኼባ ክካየድ ዕድመ ብምግባር ነቲ ናይ ምርድዳእ ባብ ኣርሒዩ ገዲፍዎ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ሰለስቲኡ ውድባት። ምስ ብርክት ዝበሉ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ካርቱም ርክባትን ወኽሳታትን ኣካይዶ።

እቲ ወሳኒ ፈተነ ከኣ፡ እቲ ክካየድ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ኢዩ። ኣብዚ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኣኼባዚ፡ ነቲ ኣብ ስርዓት ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ለውጥታትን፤ ሓደስቲ ተቓወምቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ምጽንባሮምን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንቻርተር ዘማሓይሽን፤ ከምኡ ውን፡ ቅርጻ ምሕዝነትን ንብዝሒ ናይ ወከልቲ ኣብ ሓጋግን ፈጻምን ኣካላት ዘጕድልን ሓቀኛ ኣጀንዳ ክቐርብ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። ንላዕለዋይ መሪሕነት ንምስፋሕ እተገብረ ፈተነ ከይተዓወተ ስለዝተረፈ፡ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ሃምኤን ዋና ጽሓፍን ካብቲ ቅልውላው ንምውጻእ ዘኽእል መፍትሒ ክረኽቡ ተወኪሎም ነይሮም። ላዕለዋይ መሪሕነት ግን ነቲ ዝተወከለሉ ዕማም መፍትሒ ክረክብ ኣይከኣለን። ከምኡ ውን፡ ምሕዝነት ክምስረት እንከሎ፡ እዚ ይኹን እቲ ዘበርክቶ ግደ፡ ሰብኣዊ ዓቕምታቱ፡ ህዝባዊ ስፍሓቱ ብዘየገድስ፡ ኵሉ ማዕረ ኢዩ ዝብል ንማዕርነታዊ ውክልና ዝምልከት ግጉይ ውሳኔ ምፍጻም ግድነትዊ ኰይኑ ኢዩ ጸኒሑ። ሓደስቲ ውድባት ናብ ምሕዝነት ዝኣትውሉ ብሩህ መዐቀኒታት ውን ክውሰን ኣለዎ።

እቲ ኵሉ ሸነኻት እተቐበሎን ንምርግጋጹ ብዙሕ ጽዓታት እተኻየደሉን ሃገራዊ ዋዕላ ውን፡ ጌና ኣይተረጋገጸን። እዚ፡ ንሽማግለታት ክግደፍ ወይ ድማ ብሓፈሻዊ ርእይቶታት ጥራሕ ክሕለፍ ዘለዎ ጕዳይ ኣይኰነን። እቲ ጕዳይ ኣገዳሲ እንተደኣኰይኑ፡ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ብብሩህን ውዱእን ርእይቶ ከወጽእ ክኽእል ኣለዎ።

ካልእ ኣገዳስን ስትራተጂካውን ጕዳይ፡ ዝምድና ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኢዩ። ስለዚ፡ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ነዚ ጕዳይዚ ብዕምቆት ክዛረበሉን፤ ብናይቲ ስርዓት ኣጀንዳ ተገዚኡ ዝኸይድ ዘይኰነስ፡ ልዑል ሃገራዊ ረብሓ ዝገዝእ ተግባራዊ ስጕምቲ ክውሰድ ክከኣል ኣለዎ። ልዕሊ ኵሉ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ናይ ዝርከብ ህዝብና ተኣማንነት ንምርካብ፡ ኣብ ውሽጢ ምሕዝነት ይኹን ወጻኢ ካብ ምሕዝነት ንዘሎ ሃዋህው ናይ ተቓወምቲ ውድባት ንምጽፋፍን፤ ኣኼባ ሰክረታርያን፡ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነትን ኣብ ግዜኡ ክካየድ ንምግባር ዝከኣል ጻዕርታት ክግበር ይግብኦ። ስለዚ፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ወሳኒ ዝኾነ ምዕባለ ኣብ ዝምድናታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ክንርኢ ዲና? መልሲ ዘድልዮ ሕቶ ኢዩ።